## ነቨረ'ያ ነቨረ!
## ስቡሕ ዓርኪ ዕሩይ



ነበረ'ያ ነበረ፤ እንታይ ነበረ? ኣቦኻ ነቨረ፣ እንታይ'ከ ገብረ፤
ይብሃል ነይሩ፣ ሥራሕ ታሪኽ ኮይኑ ይንገር መደረ፤
ወዲ-ሰብ ይነብር በቢ-መብረ፤ ሓደ እንትሞት ሓደ እናቐበረ✷

እወ! ሞት'ማ ኹሉ ይመውት መን'ከ ኣሎ ዝቐሪ፤
ንመዘኻኸሪ፣ ሹም ግን ሕያው'ዩ ንወትሩ ነባሪ✷

እሞ! ሓደ'ዶ ክዝክር ካብቶም ሰማዕታት ተጋደልቲ፤
ትይቐየሙኒ'ዶ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ
ደቂ ለካቲተይ ክቡራት ወየንቲ፤
ኣእላፍ ደቂ ሕዝቢ ሓፋሽ ተጋደልቲ፤
ኣስማትኩም ዘይፀዋዕኹ ሓንቲ ብሓንቲ✷

እምበኣር'ከስ ብሽም ኩልኹም ንደስታ ሸቃላይ ዘኪረ፤
ስሙ ክፅውዕ ኣኽቢረ፤
ብፃይ ከይብሎ ግን ሓፊረ፤
ሓዲገዮ ከይደ ባሕሪ ተሻጊረ፤
ኣይተጋደልኩን ምስኡ ወፊረ፤
ከይርስዖ'ሞ ከምይገይረ፤
ወይን ወዲ ትግራይ ብዓል ድርብ ቁምጣ ስረ፤
ደስታ ሸቃላይ ብመሥዋዕቲ ዝኸበረ✷

እወ! ብፃያዊ ሓልየት ባህሊ ህወሓት፤
ውድባዊ እምነት፤ መትከላዊ ትብዓት፤
ንሳ'ያ ነይራ ስንቂ ሕዝባዊ ፍቕሪ ብቕዓት፤
ኣቤት እወ!! እወ! ነይሩ ጅግንነት፤
ምትሕልላይ ብፃያዊ ሕውነት፤
ኣብቲ ዓውዲ ኲናት፣ ቅድድም ናብ መስዋዕትነት፤
ብፃይ ጽናሕ ኣነ-ኣነ ክሞት✷

ክዝክሮ'ዶ ንሥዉእ ተጋዳላይ፤ ብሕዝባዊነቱ ዘወሰዳ ልበይ፤
ዝማረኸ ቀልበይ፤ እሙን ወዲ-ሕዝቢ ደስታ ሸቃላይ✷

እወ ነይሩ! ነይሩ ብርኪ ሊሎ፣ ኣባ ሊቁ፤
ደስታ ሸቃላይ ሓቦ ስንቁ፤
ሕዝባዊ እምነት ዕጥቁ✷

ተጋዳላይ መሪር ሓሞቱ፤
ምስቶም ብፆቱ፣ ደስታ ሸቃላይ ወዲ ሃፍቱ፤
ተሰዊኡ'ምበር ምኣዝ ሞይቱ፤
ሓንቲ ነይራ ንሳ ጥሪቱ፤
ዋጋ ሓርነት ዋጋ ብንዴራ ውፍይቲ ሕይወቱ✷

እሞ'ኸ! ኮይኑዎ ድዩ ንሱ፤
ነቨረ'ያ ነቨረ ኮይኑ መልሱ?
ሓቂ ድዩ? ወዮ ጅግና'ስ ደቂሱ፤
ሓመድ ተነፂፉ እምኒ ተተርኢሱ?

ነቨረ'ያ ነቨረ፣ ነገር ዓለም ውሓለ፤
ዓለም ኣይኮነትን ንዘተጋደለ፤
ንቲ ዝቐሰለ፣ ኣካሉ ዝጐደለ፤
ናይ ሕይወት መሥዋዕቲ ዝኸፈለ፤
ዘዝበቒለ እናተነቕለ፤
ዘዝበሰለ እናተመንጠለ፤
ነገር ዓለም ካብ ዝኸበረ'ስ ዝቐለለ፤

ካብ ዝተጋደለ ዘታለለ፤
ዓዲ ውዒል ሚሓ ዘቐበለ፤
ደድሕሪ ሓሶት ዘሸካዕለለ፤
ንዓለም ቀለብላባ ይበልዓ ዝጐሓለ✷

ኣታ ወዲ ሃፍቱ!! .... ወይነይ! ወዲ ሃፍቱ!!
እንታ'ዩ ብልሓቱ፤
ፀሓይ ዓራርቦ ገሊኦም ሸፈቱ፤
ንወያናይ ብህሊ ሂቦምዎ ዘይናቱ✷

እወ!! ካብ ብሱል ጥረ ሓድ-ሓደ ዕዋሉ፤
ከም ሽንቲ ጊመል ንድሕሪ ዝብሉ፤ ከምዘይ ተጋደሉ፤
ሥጋ ብፆት ኢሎም ከም ዘይመሓሉ፤
ረኢናዮም ክድልሉ፤
ንሕዝቦም ከታልሉ፤
ተዓዚብና ግቦ ክምንጥሉ፤
ለካ'ስ ካብ ቀደሞም!! ኣባጊዕ መሲሎም'ስ ተጃሉ፤
ክሹፍ ተሸፊኖም ዝገበሉ✷

ክቡር ባህላዊ ገድሊ ደቂ ህወሓት፤
ንሳ'ያ ነይራ ሥጋ ብፆት! ሥጋ ብፆት!
ሕዝባዊ ፍቕሪ፣ ውፉይነት፣ ብፃይ ፅናሕ ኣነ ክሞት፤
ብፃይነት ሎሚ መን ወሰዳ፣ ናበይ ከደት?

እሞ! ሥዉዕ ተጋዳላይ ተመሊሱ ተዝርኢ፤
ዘመን ተለዊጡ፣ ብፃዩ ኮይኑ በላዕ ጉቦ ዝብኢ✷

ደስታ ሸቃላይ እንታይ'ኮን ምበለ?
ሥጋ ብፆት!! ...ሥጋ ብፆት እናበለ፤
ምተገዘተ'ዶ ምምሓለ፣ ወይ'ስ ምተጋደለ?

እወ! ነይሩ ከጥዕመሉ፤ ምዓር ልሣኑ ገለፈት ዘይብሉ፤
ክምሕል ከሎ ሥጋ ብፆት! ... ሥጋ ብፆት ኢሉ፤
እሞ! ... እሞ ኣሰሩ'ባ ከይርሳዕ ሎሚ'ውን ምሓሉ፤
ብሥጋ ብፆት ምሓሉ፤ ኣይትታለሉ፣ ኣይተታልሉ፤
አረእ! ... እረ! ነውሪ'ዩ! ነውሪ ጉቦ ኣይትቀበሉ፤
ሥጋ ብፆት'ዩ ብሥጋ ብፆትኩም ሥጋ ብፆት በሉ✷

ታሪኽ ተጋድሎ ነበረ'ያ ነበረ ኮይኑ ከይቐሪ፤
መስዋዕቶም ንዝክሪ፤ ምግዳሎም ንክብሪ፤
ንጥንቲ ዝነብር ሓወልቲ'ዩ፣ ሓወልቲ ይኹን ነባሪ✷

በሉ! ...እንሆ ንዝኽሪ ስዉዕ ተጋዳላይ፤ ዝማረኸ ልበይ፤
ዝሰሓበ ቀልበይ፤ ወዲ ሃፍቱ ደስታ ሸቃላይ✷



ንደስታ ሸቃላይ ከይርስዕ ዘዘኻኽረኒ ኣብ ልበ ዝሓደረ ሕዝባዊ ፍቕሩን ፅንዓቱን'ዩ✷

ንኣብነት፦ ፩ይ. ናብ ገድሊ ክወፍር ምንቃዱ ዝተዓዘበ ሰባት፦ ደስታ፣ ምግዳል ተርክበሉ ኢኻ፣ ነቐደም ትምህርትኻ ወድእ ኢሎም ናይ ምግዳል ስምዒቱ ክኾልፉዎ ፈተኑ✷ ንሱ ክኣ ልዕሊ ሕዝቢ መምህር የለን፤ ሕዝባዊ ገድሊ መምህርን ትምህርቲ ቤትን'ዩ እሞ ሜዳ ወሪደ ክመሃር'የ ኢሉ ቀ'ርፀ ነገሮም✷ ንሱ ንመሥዋዕቲ ዝተፈጠረ በጊዕ'ዩ ዝመስል ነይሩ። ፪ይ. ሜዳ ወሪዱ ተጋዲሉ ምስቀ'ስሉ፣ ብፍላይ ሓንቲ ዓይኑ ጐዲሉ ዕረፍቲ ኣብ ዝወስደሉ ዝነበረ ቦታ ረኺቡዎ✷ ሀዚ'ውን እቶም ሰባት፦ ደስታ፣ ኣካላትካ'ኮ ጐዲልካ! ይኣኽለካ፥ ገድሊ ግደፎ ኢሎ'ሞ፤ ደስታ ሸቃላይ ክኣ፦ መንፈቀ መስዋዕቲ/ፍርቂ መስዋዕቲ ዝብሃል የለን'ሞ ዝተረፈ ኣካለይ'ውን ንሕዝቢ'ዩ ብዝብል ሕዝባዊነቱ ገለፀሎም✷ ከምታ ዝበላ መላእ ሕይወቱ በእንቲ ሕዝቢ ተሰዊኡ✷ እሞ! እዚ ሕዝባዊ ተጋዳላይ ሰብ'ዚ ከምይ ገይርካ ይርሳዕ?

## እንኳዕ ኒመበል ፴፫ተን ዓመት ልደተ ህወሓት ኣብጽሓና፡-

ቅድሚ ኵሉን ልዕሊ ኵሉን ሰላም፣ ሰላም፣ ሰላም ንሓፋሽ ሕዝብና፡- ንኵልኹም ኣቱም እቲ ሓንሳብ ምስረሰነ ዘይዝሕል፣ ብስምዒት ዘይኮነስ ብወነ ዝወየነ ሕዝባዊ ቃልሲ፣ ሕድሪ ሕዝባውያን ወየንቲ ተሓንጊጥኩም፣ ግንባር ቀደም፣ ብቐጻሊነትን ብናህሪን ንቕድሚት ትስጉሙ ዘለኹም ተቓለስቲ ኣሕዋትን ኣሓትን ኵልኹም፣ ልባዊ ወያናይ ሰላምታ ይብፃሕኹም።

እንኳዕ'ውን ናብቲ ጽንብል ሚሊኒየም ዝኾነ መበል 33ተን ፍሉይ በዓል ልደት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ሕዝቢ ትግራይ ኣብጽሐና አብጽሐኩም። ንሕዝቢ ትግራይ ብፍላይ ንሕዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፣ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ፈተውቲ ሕዝቢ ኢትዮጵያ፣ ኒደገፍቲ ሕዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ፣ ንደለይቲ ሰላምን ዲሞክራሲን፣ እዚ ዕለት'ዚ፣ ዓቢዩ ትርጉም ኣለዎ፤ እሞ ንኵልና እንኳዕ ብሰላም ኣብጸሐና።

ክብሪን ዘለዓለማዊ ዝኽሪን ንጀጋኑ ሰማዕታ ደቂ ለካቲት ፲፩።

አሜን!!!

ካብ ስቡሕ ዓርኪ ዕሩይ

ለካቲት ፱፥ ፳፻ ዓ/ም